## ንተቐማጦ 159 ሜልሮዝ ናይ ምይይጥ ባይታ ተኸፊቱ ኣሎ

ተቐማጦ ሜልሮዝ ስትሪት ሓጺር ናይ ዳህሳስ መጽናዕቲ ሕቶ ክምልሱ ተዓዲሞም ኣለዉ።

እዚ ወግዓዊ ናይ ምግዓዝ ቅጥዒ ኣይኮነን። ኣብ እዋን ምግዓዝ ነቲ ማሕበረሰብ ዘድልዮ ነገራት ንምምላእ መደብ ንምውጻእ ጥራይ እዩ ዝሕግዘና።

ደብዳበታት፣ ኢመይልን ናይ ጽሑፍ መልእኽትታትን ብፍሉይ ኮድ እዩ ተላኢኹ።

ኣብቲ ናይ ዳህሳስ መጽናዕቲ መርበብ ሓበሬታ ብጻሕ እሞ ክሳብ ሰዓት 12 ድሕሪ ቀትሪ **27 መጋቢት 2026** ነቲ ፍሉይ ኮድ ኣእቱ።

ነቲ መጽናዕቲ ብኦንላይን ዝዛዘሙ ነበርቲ፡ ኣብ ዉልዎርዝ/Woolworths፣ ቢግዳብሊው/BigW ወይ ኣብ ዝሳተፉ ኢጂ ኣምፖል ነዳዲ/EG Ampol Fuel ቦታታት ከውዕልዎ ካብተን **10 ናይ 200 ዶላር ናይ ህያብ ቫውቸራት 1** ናይ ምቕባል ዕድል ኣለዎም።



ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ድማ **homes.vic.gov.au/relocations-survey** ተወከሱ

ንሕቶታትኩም ንምምላስ ኣብዚ ኣሎና።

እቲ ማሕበረሰብ ዘድልዮ ነገራት ንምርዳእ ንዓኹም ጽን ኢልካ ንሰምዕ።

**ቀጻሊ ተሳትፎ ማሕበረሰብ**

ናይ ምግዓዝ ደገፍን ናይ ምግዓዝ ማእከላት ተኸፍተ።

**ተኻረይቲ ናብ ካልእ ቦታ ክግዕዙ ተሓጊዞም**

ጥሪ 2026 — ለካቲት 2026 — ሕዳር 2026 — ሚያዝያ 2026 — ግንቦት 2026 — ሰነ 2026 — ሓምለ 2026 — ለካቲት 2028

## ርክብኩም ኣይተቋርጹ


ኣኼባታት ሓበሬታ

ኣብ ኣኼባ/ምይይጥ ዝተዋህበ ርእይቶ

እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ተመዝገቡ

ተሳትፎኹም ንምቕጻል ኣብዚ ብጽሑ፥

homes.vic.gov.au/north melbourne-precinct



ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ጉዳያት ምንዳይ ስዓቡና **Homes Victoria**/ሆምስ ቪክቶሪያ

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን 1 Treasury Place፣ Melbourne።
© ግዝኣት ቪክቶርያ፣ ሆምስ ቪክቶርያ መጋቢት 2026 (HV007026)። ሕትመት ብፊንስበሪ ግሪን (Finsbury Green), Melbourne Victoria, 3000።

More Homes For Victorians | VICTORIA State Government

Tigrinya | ትግርኛ

ሕዳር 2026

homes victoria

**ዓብዪ ህንጸት ኣባይቲ**

## ናይ ኖርዝ ሜልቦርን

ማሕበረሰብ እዋናዊ ሓበሬታ



**ኣብ እቲ ቦታ እንታይ እዩ ዝፍጸም ዘሎ**

**ኣብ ጽምብል ዒድ ተጸንበሩና።**

ሰንበት 29 መጋቢት ኣብ ባንክል ሪዘርቭ (Buncle Reserve)

**ጽገና ሳተን ስትሪት ይጅመር**

ኣብ ግዳማዊ መናድቕን ኮሪደርን መሕጸቢ ኽዳውንትን ዓበይቲ ስራሓት ይቕጽል ኣሎ

**ንተቐማጦ 159 ሜልሮዝ ስትሪት ናይ ምይይጥ ባይታ ተኸፊቱ ኣሎ**

ድሌታት ሕብረተሰብ ንምርዳእ ሓግዙና። ዳህሳስ 27 መጋቢት ይዕጾ

# ኣብ 159 ሜልሮዝ ስትሪት ንዝነብሩ ነበርቲ ኢና ኣብዚ ዘለና

ምስ ዝግዕዙ ነበርቲ ዝግበር ምምኽኻር ሕጂ ተኸፊቱ ኣሎ

ሆምስ ቪክቶርያ ንኣቦርጂናውያንን ንሰብ ቶሬስ ስትሬት ኣይላንድ ከም ባህላዊያን ሓለውቲ እታ ሃገር ኣፍልጦ ይህብ፣ ክምኡውን ነቶም ዝሓለፉን ዘለዉን ሽማግለታቶም ኣፍልጦ ይህቦምን የኽብሮምን።

# ኣብ ኖርዝ መልበርን እንታይ ይፍጸም ኣሎ

ሕዳር 2026




### 33 Alfred Street

**ኣብዚ እዋን ተቐማጦ ናብ ካልእ ቦታ ይግዕዙ ኣለዉ**

**ስራሕቲ**

- ባዶ ዝኾኑ ኣፓርታማታት ምዕቃብን ድሕንነት ዘለዎም ምግባርን
- ገለ ቀወምቲ ኣቑሑት ካብ ባዶ ኣፓርታማታት ምውጻእ
- ናይ ጸጥታ ማዕጾ ምትካል ናይ መወዳእታ ኤሌክትሪካዊ መርመራን ምትዕርራይን።
- **ሓሙስ 12 መጋቢት** ንሓጺር እዋን ገለ ድምጺ ክስማዕ ትጽቢት ይግበር

**ቈጸራታት ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ**

ኣብቲ ኸባቢ ዝርከብ ጉጅለ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ሕጂ ኣብ 12 ቸርች ኣሸኑ ኣስኮት ቬል ይርከብ።

ሕጂ እውን ንጉጅለ ኖርዝ ሜልበርን ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፦

- ከምቲ ልሙድ ናብቲ ናትኩም በዓል መዚ ኣባይቲ ደውሉ ወይ ኢመይል ጽሓፉ
- ምስቲ ኣብ ኖርዝ ሜልበርን ዝርከብ ናትኩም ሓላፊ ኣባይቲ ቆጸራ ንምሓዝ ደውሉ ወይ ኢመይል ጽሓፉ
- ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ናብ ቤት ጽሕፈት ኣስኮት ቬል ኪዱ

### 159 ሜልሮዝ ስትሪት/Melrose Street

**ዝቕጽል ደረጃ ዳግመ ህንጸት**

ንተቐማጦ፣ ፈተውትን ስድራ ቤትን ብዛዕባ መጻኢ ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ ክንዘራረብ ኢና ኣብዚ ዘሎና። ናይ ሓበሬታ ፍጻመ መዓልትታትን ሰዓታትን ንምፍላጥ አብቲ ፎየር ዘሎ ፖስተራት ረኣዩ።

### ኣብ ዙርያ እቲ ከባቢ

- ተኹናተርትን ሰበ-ስልጣንን ብእግሮም እንዳኸዱ ንኽሪኡን ንኽምርምሩን ኣብ ዝተፈላለየ መዓልትታት ይመጹ
- ንኣገልግሎት ምትእስሳር (መስመራት ምስ መሳርሒ ምትእስሳር) ምርግጋጽ
- ኣብ መጻኢ ውሑስ ንምግባር ኣብ ዶባት እቲ ቦታ ዝግበር ናይ መሬት ዳህሳስ

### ጎደና 12 ሳተን

**ናይ መጻኢ ዳግመ ምዕባለ**

- ካብ ሚያዝያ 2026 ክሳዕ ታሕሳስ 2026 ኣገደስቲ ስራሕቲ ጽገና ይካየድ ኣሎ
- ሰራሕተኛታት ናይ ወጻኢ መናድቕ ንምብጻሕ መደያይቦ ይጥቀሙ
- ኣብ ኮሪደር፣ መደያይቦ፣ ላውንድሪ (መሕጸቢ) ከምኡውን ኣብ መንቀጺ ክፍልታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት

### 76 ካኒንግ ስትሪት

**ናይ መጻኢ ዳግመ ምዕባለ**

- ካብ ጥቅምቲ 2025 ክሳዕ ሰነ 2026 ዝካየድ ዘሎ ኣገዳሲ ስራሕቲ ጽገና
- ሰራሕተኛታት ናብ ወጻኢ መናድቕ ንምእታው መደያይቦ ይጥቀሙ
- ኣብ ኮሪደር፣ መደያይቦ፣ ላውንድሪ (መሕጸቢ) ከምኡውን ኣብ መንቀጺ ክፍልታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት
- ንድሕንነት ተባሂሉ መከላኸሊ ሓጹራት ተጌሩ

## ንጽምብል ዒድ ሕበሩና!

ምዝዛም ሮሞዳን (ወርሒ ጾምን ርእሰ-ኣስተንትኖን) ዝኾነ ዒድ ንስድራቤትን ፈተውትን ኣብ ሓደ ዘራኽብ ሕጉስ ኣጋጣሚ እዩ።
ኩሉ ሕብረተሰብ ተዓዲሙ ኣሎ!

- **ሰንበት 29 መጋቢት፦ ካብ ሰዓት 1–5 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ባንክል ስትሪት ሪዘርቭ**
- **ምዝዋር፣ ድኳናት፣ ስፖርታዊ ንጥፈታት፣ ገጽ ምቕባእ፣ መግብን ምዝንጋዕን ዝሓዘ!**

ናይ ስራሕ ሰዓትና በቲ ልሙድ ናይ ቤት ምኽሪ ናይ ስራሕ ሰዓታት እዩ ዝምራሕ፥

**ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ**
ካብ ሰዓት 7 ቅድሚ ቀትሪ ክሳዕ ሰዓት 7 ድሕሪ ቀትሪ

**ቀዳም**
ካብ ሰዓት 9 ቅድሚ ቀትሪ ክሳዕ ሰዓት 3 ድሕሪ ቀትሪ

ዝያዳ ሓበሬታ ዘድልየኩም ተቐማጦ ንናይ ከባቢኹም ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ርኸቡ፥

1300 360 462

northmelbourne.housing@dffh.vic.gov.au

ሓድሓደ ግዜ ካብዚ ሰዓታት ስራሕ ወጻኢ ንኽትሰርሕ ፍቓድ ቤት ምኽሪ የድሊ እኳ እንተኾነ፡ እዚ እንተ ኣጋጢሙ ንተቐማጦ ኽንነግሮም ኢና።

ኩሉ ዕዮታት በቲ ዝለዓለ ናይ ድሕንነት መዐቀኒታትን ሕጋዊ ብቕዓታትን እዩ ዝፍጸም።

## ናይ ዳግመ ህንጸት ስራሕ ሰሌዳ ግዜ

33 Alfred Street, North Melbourne/
33 ኣልፍረድ ስትሪት፣ ኖርዝ ሜልበርን

**ተቐማጦ ኣብዚ ህንጻታት እዚ ኣብ ዝቕመጡሉ እዋን ዋላ ሓንቲ ምፍራስ ኣይክህሉን እዩ።**

### 2025

**1. ዝያዳ ምፍላጥን ነገራት ድሕንነት ዘለዎም ምግባርን**

- ባዶ ኣፓርታማታት ምዕቃብ
- ናይ ናውቲ/ኣቑሑ ውሑስነት ንምቍጽጻር እቲ ቦታን ህንጻታትን ምምርማር
- ልሙድ ጽገና ምቕጻል

### 2026

**2. ምድላው**

- ውሑስ ንምግባር ቦታን ምልክትን ምድላው
- ንኣገልግሎት ምትእስሳር (መስመራት ምስ መሳርሒ ምትእስሳር) ምርግጋጽ
- መእተዊ ንኣጋር፣ ማካይንን ደው መበሊ ማካይንን ውሑስ ምግባር
- ነቲ ህንጻታት ውሑስ ንምግባር ኣብ ውሽጢ ህንጻታት ምስራሕ
- ገለ ኣናእሽቱ ቀወምቲ ኣቑሑት ካብ ባዶ ኣፓርታማታት ምውጻእ

**3. ምፍራስ**

- መደያይቦ (ስካፎልዲንግግ) ምትካል
- ህንጻታት ብጥንቃቐ በብደረጅኡ ምፍራስ
- ስሩዕ እዋናዊ ሓበሬታ ንማሕበረሰብ

ንዝያዳ ሓበሬታ እንተላይ ብቛንቋኹም ሓበሬታ ንምርካብ ናብ፦ **homes.vic.gov.au/information-in-your-language** ብጽሑ

ንሓፈሻዊ ሕቶታት ኢ-መይል፥

**enquiries@homes.vic.gov.au**